# **ቅዋማዊ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካል ምጭራሕ እቲ ዝቕለለ ኢዩ**

እዚ ናይ ሎሚ ስርዓት ህግደፍ ኣብ መዋእል ዘመነ ብረታዊ ተጋድሎኡ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ካልኣይ ውድባዊ ጉባኤኡ ናይ ነጻነት ጨራ ኣብ ዝረኣየሉ ዝነበረ እዋን እውን ከይተረፈ፡ ስልጣን ናይ ህዝቢ ምዃኑ፡ ኣብዝሓ ሰልፊ ዝኸተል ዲሞክራስያዊ ስርዓት ክህነጽ፡ መሰል ደቂ ሰባት ዝኽብረሉ፡ ሰላምን ቅሳነትን ዝዓሰሎ ፡ ህዝብን ሃገርን ምህናጽ ማእከላይ ዕላምኡ ገይሩ ከምዝመጸ ዋናታቱ ዝምስክርዎ ሓቂ ኢዩ። ኣብ መንጎ ትንቢትን፡ ኣብ ባይታ ዝረአ ሓቅነትን ዘሎ ፍልልይ ግን ክሳብ ክንደይ ርሕቀት ከምዘለዎ ሎሚ ኩላትና ናይ ዓይኒ ምስክር ክንከውን በቒዕና ኣሎና። እቲ ቅዱስ ትንቢታቶም ነቲ ዘመነ ብረታዊ ተጋድሎ ዝምልከት ከምዘይኮነ እንታይ ደኣ ብድሕሪ ነጻነት ሃገር ማለቶም ኢዩ ነይሩ። ቃል ብቓሉ እኳ እንተዘይበሉ፡ ኩሉ ስራሓውቶም ኣንጻርዚ ትንቢቶም ምንባሩ ነዚ ኣበሃህላዚ ሓቅነትን የልብሶ። ኩላትና ዝዘንጋዕናዮ እንተነይሩ ግን ዲሞክራስያዊ ትካላትን ኣሰራርሓን፡ ካብ ለይቲ ንመዓልቲ ብሓንሳእ ዝተኣታቶ ተኣምር ከምዘይኮነ ዘይምግንዛብ ኢዩ። ትካልዊ ዲሞክራስያዊ ኣሰራርሓ ይኹን ክብሪ ሰብኣዊ መሰላት እናማዕበልካዮን እናሰራሕካሉን ዝዓቢ ደኣምበር፡ ሕጂ ተወሊዱ ዘገልግል ዘይምዃኑ ኣቐዲምካ ምስትውዓል ዝሓትት ኢዩ ነይሩ። ሎሚ፡ ናይ ትማሊ መብጽዓ ተጠሊሙ ኢልካ ምምራር እምበኣር ዕሽነትካ ዘምስክር ጥራይ ኢዩ ዝኸውን።

ክቡራትን ክቡራንን ኣንበብቲ ቀንዲ መጽሓፍየይ መኽንያት ተግባራት ስርዓት ህግደፍ ንምጽብጻብ ኣይኮነን። የግዳስ ኣብዚ ሕሉፍ ተመኩሮታት ሓባራዊ ኣረዳድኣ እንተድኣ ሃልዩና፡ ተመኩሮታት ንደግም ከይንህሉ ንምፍታሽ ኢዩ። ኣብ ዘመናዊ ናይ ብዙሓን መራኸቢ ብቓለ-መሕትት ይኹን ብጽሑፋት፡ ታሪኽ ይኹን ብሕታዊ ተመኩሮ ዝተፈላለየ ንነብብን ንሰምዕን ኣብዘለናሉ እዋን፣ ካብ ብዙሓት ኣብ መራኸቢ ብዙሓን ነዚ ኣጋጣሚ'ዚ ተጠቒሞም ዝህብዎ ግብረ-መልሲ ከተንብብን ክትሰምዕን እንከሎኻ ካብ ሕሉፍ ተሞኩሮታትና ተማሂርና ዝግበርናዮ ናይ ኣተሓሳስባ ለውጢ ከምዘየሎ ዘመስክር መሪር ሓቂ ኮይኑ ረኺበዮ።

ብስም ኣግኣዝያን ተበጊሶ ዘሎ ሓዱሽ ናይ ፖለቲካ ፍልስፍና፡ ብትግርኛ ተዛረብቲ ወይ ኣመንቲ ክርስትና ዝወከልዎ ምንቅስቓስ ከምዘይኮነ ማንም ይስሕቶ ኢዩ ኣይብልን። ውልቀ-ሰብ ዘበገሶ፡ ምስዚ ፍልስፍና'ዚ ዝሰማምዑ ውልቀ-ሰባት ዝስዕብዎ ንዓታቶም ዝውክል ምዃኑ እውን ርዱ'ዩ ይመስለኒ። እቲ ዝወሃብ ግብረ-መልሲ ከተንብብን ክትሰምዕን እንከሎኻ ግን ዘሕፍርን ዘሰንብድን ኢዩ። ከምቲ ንቡር፡ ግጉይ ሓሳባት ወይ ርእይቶ ካብ ውልቀ-ሰባት ይኹን እኩባት ምስዝቕርብ ብኣራሚ ሓሳባት ግብረ-መልሲ ከተውድቖ ምቅላስ ኢዩ ክኸውን ዝግባእ። ነዚ ብዘመልክት ብሰፊሑ፣ ድ.ሰ.ደ.ኤ ኣብ ናይ 11.03.2017 ኣብ ቶጎሩባ ዝነበብኩዎ ኣብ ትሕቲ "ድሕረት ብዲሞክራስያዊ ኣተሓሳስባ ደኣምበር፣ ድሕረት ብድሕረትን ተጻይ መልስን ኣይምከትን'ዩ" ዝብል ሓተታ ጽቡቕ ገይሩ በሪሁ ስለዘሎ ምድጋሙ ተደላይነት የብሉን።

ክቡር ኣቦና ሃብተማርያም ኣብርሃ ኣብ ቃለ መሕተት ኣብ ኣሰና ክህቦ ዝጸንሐ፡ ናይ ቃልሲ ናይ ብሕቱ ተመኩሮታት ይኹን ኣብ መወዳእታ ከኣ ዛዛሚ ርእይቶኡ ሰሚዕናዮ ኢና። ቀንዲ መጽሓፍየይ መኽንያት ግን ኣብ ትሕዝቶ ሓሳባቱን ዘሕለፎ ተመኩሮታትን ዘትኮረ ኣይኮነን። የግዳስ ኣብቲ ክወሃብ ዝጸንሐ መልሰ ተግባር ዘሎኒ ትዕዝብቲ ንምሃብ ኢዩ። ኣብ ኣርእስቲ ጽሑፈይ "ቅዋማዊ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካል ምጭራሕ እቲ ዝቕለለ ኢዩ" ኢለዮ ዘለኹ፣ ዋናታት ናይዚ ጭሮሖዚ፡ ምስ ሓሳባቶምን ርእይቶታቶምን ንዘይሰማማዕ፡ ውርደትን ጸርፍን፡ ሰብኣዊ ክብሪ ዝግህስ መልሰ-ተግባር ክህቡ

እንከለዉ፣ ካልእ ዓቕምን ስልጣንን እንተዝህልዎም እውን ብሰንኪ ፍሉይ ሓሳባት ኣብ ቅትለትን ምእሳርን ከምዘምርሑ ካብ ኣንደበቶም ክትርዳእ ዘጸግም ኣይኮነን። ኣቦና ሃብተማርያም፡ ኣብ ጸጋ ዕድሚኡ ሓሊፈዮ ዝበሎ ተመኩሮታት ክገልጽ እንከሎ፡ መባእታዊ ሰብኣዊ መሰላቱ ምኺኑ ክንኣምን ይግባእ። ኣብ ዝሃቦ ናይ ብሕቲ ተመኩሮኡ ብኣካል ዝነበረ፡ እሞ ሓቅነት ዘይሓዘ ምስዝኸውን ብጽሑፍ ወይ ብቓል ክትጫበጦ ግቡእ ኢዩ። ዘይኮነ ተመኩሮታት ዝገልጽ እንተነይሩ ጭቡጥ መኣረምታታት ቀሪብካ፡ ንዝሃቦ ታሪኽ ውዱቕ ክትገብሮ ተኽእሎ ነይሩ። ከምዝተዓዘብኩዎ ግን ጭብጥታት ኣንጻር ሓሳባቱ ዘይኮነስ፡ ጸርፍን ውርደትን፡ ሰብኣዊ ክብሪ ዝግህስ ካብ ባህልና ዝወጸ ኣዘራርባታት ኢየ ሰሚዐ። ከምዚ እንተደኣ ኮይኑ ቅዱስ ጭርሖታት ንበይኑ ጥራይ፡ ዳግም ናይዚ ሎሚ ኣብ ሃገርና ንስሕኖ ዘሎና ተመኩሮታት ምድጋም ጥራይ ኢዩ ክኸውን ዝኽእል። ሎሚ ኣንጻር ጭሮሖታቱ እናሰርሐ፡ ጽባሕ ካብ ለይቲ ንመዓልቲ ብተኣምር ከተኣታትዎ ኢዩ ዝብል ናይ ትማሊ ለዋህ ወይ ናይ ሎሚ ግሩህ ዘሎ ኣይመስለንን።

ብወገነይ ኣብቲ ኣቦና ሃብተማርያም ናይ ብሕታዊ ተመኩሮታቱ ዝሃቦ መግለጺ ኣነ ዘይወዓልኩሉን ዘይነበርኩሉን ባህ ይበለኒ ኣይበለኒ ካብ ምቕባሉ ሓሊፈ ዝብሎ የብለይንን። ኣብ መዕጸዊ ዝተዋህበ ሓሳብ ግን ኣይሰማምዓሉን ኢየ። ብጃምላ ንፍሉያት ወገን ፈሪድካ ካልኦት ወገን ፍታሓት ከምጽኡ'ዮም ዝብል ኣረዳድኣ የብለይንን። እዛ እንዛረበላ ዘሎና ሃገር ንፍሉያት እትምልከት ወይ ዝያዳ ትብጻሕ ስለዘይኮነት ጥራይ ዘይኮነስ፣ ከም ሃገር ክትጽዋዕ ዝገበሩ መላእ ነበርቲ ናይዛ ሃገር ብዓጽሞምን ደሞምን ዝተኸልዋ ስለዝኾነ ኢዩ'ውን። እቲ ዝገርም ግን ትሕቲ ሃገራዊ ዝኾነ ውደባታት ብዕሊ ቆይሙ ንመላእ እምነት ህዝቢ ኤርትራ ዘይውክል ብግሁድ ክጉስጉስን ከለዓዕልን እንከሎ ዋላውን ብሉዙብ ኣይፋሉን ዘይበሉ ኣብ ርእይቶ ውልቀሰባት፡ ንርእይቶታቶም ዘይኮነስ ኣብ ሰብኣዊ ክብርታቶም ቅንጻላ ከካይዱ ክትሰምዕ እንከሎኻ ዘየገርም ኣይኮነን።

ሰላምን ቅሳነትን ንህዝብና

ባይረ ሰረቐ
17.03.2017